# ዜና ለካቲት

ኣብ ከተማ ኦስሎን ከባቢኣን ዝነብሩ ተወለድቲ ብሄረ ትግራይን ፈተውቲ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝኾኑ ካልኦት ዜጋታትን ህዝቢ ትግራይ ብሄራዊ ኣድልዎን ወፅዓን ብመሪር ህዝባዊ ቃልሲ ንምሕምሻሽ ዕጥቃዊ ቓልሲ ዝጀመረሉ መበል 33 ዓመት ለካቲት 11 ብዝልዓለ ፅምብል ኣኽቢሮም።

እቲ ባዓል ብፀሎት ዝክረ ሰማእታትን ለካቲታዊ መደረን ዝተኸፈተ እንትኸውን ብዝተፈላለዩ ባህላዊን ነቲ ህዝባዊ ቓልሲ ዘሙግሱ ሙዚቃታትን ተሰንዩ ብዕለት 7 ለካቲት (February16) ካብ ሰዓት 2 ናይምሸት (8:00 PM) እስካዕ ሰዓት 1 ናይ ንጎሆ (7:00 AM) ብርሱን ናይ ቃልሲ ወነ ብወጋሕ ትበል ለይቲ ተኽቢሩ።

ኣብ ኦስን ኦስሎን ዩኒቨርስቲታት ናይ ካልኣይ ዲግሪን ፒኤችዲን ትምህርቶም ኣብምክትታል ዝርከቡ ተማሃሮ ተወለድቲ ብሄረ ትግራይ እውን ነቲ ህዝባዊ ባዓል ዝያዳ ኣድሚቖሞ ሓዲሮም።

ነበርቲ ኦስሎን ከባቢኣን ዝኾኑ ተጋሩ ዝተፈላለዩ ባህላዊ ምግቢታትን መስተን ብምድላውን ብወነ ቐስቀስቲ ሙዚቃታት ብምስናይን ለካቲት 11 እንተኸብሩ ልዕሊ 14 ዓመታት ኣቑጺሮም እዮም።

# ክብርን ሞገስን ንስዉኣትና!!!